**ተስፋይ ቀ.                    ምሸት+ንግሆ                    28-06-01**

# ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንለበዳ ኤይድስ ንምግታእ ከካይዶ ዝቐነየ ዋዕላ ዛዚሙ።

**-------------0---------------**

ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነቲ ብዘሰቅቕ ኩነታት ዝላባዕ ዘሎ ሕማም ኤይድስ ንምግታእ ብሃገራዊ፣ ዞባዊን ኣህጉራዊን ደረጃ ዝተወሃሃደ ጻዕሪ ክግበር ብምውሳን ትማሊ 27 ሰነ ዋዕላኡ ዛዚሙ።

ሓፈሻዊ ባይቶ፣ ኣብቲ ካብ 25 ክሳብ 27 ሰነ ዘቃነየ ዋዕላኡ፣
ሕማም ኤድስ ናይ መዋእልና ዝዓበየ ብድሆ ምዃኑን ንማሕበረ ቁጠባዊ ምዕባሌ ብምዕንቃፍ ንህላዌ ሃገር፣ ማሕበረ ኮም፣ ስድራቤትን ውልቀ ሰባትን ይፈታተን ከምዘሎ ኣገንዚቡ።

ኣብዚ ንሰለስተ መዓልቲ ኣብ መኸተ ሕማም ኤድስ ኣተኲሩ ዝተቓንዐ ኣኼባ፣ ትሽዓተ ዝኣባላቱ ልኡኽ ኤርትራ መሪሑ ዝተሳተፈ ሚኒስተር ጥዕና ኣቶ ሳልሕ መኪ ንሓፈሻዊ ባይቶ ኣብ ዘስምዖ መደረ፣ ኤርትራ ሕማም ኤይድስ ንምምካት፣ ዘለዋ ዓቕሚ ተጠቂማ ኣበርቲዓ ትጽዕ ር ከምዘላ ጠቒሱ፣ ቕድሚ ሓሙሽተ ዓመት ዝሓንጸጸቶ ሕማም ኤይድስ ንምምካት ዘኽእል ሃገራዊ ፖሊሲ ትሰርሓሉ ከምዘላ ገሊጹ።

ሓፈሻዊ ባይቶ ኣብዚ ሎሚ ዘውጽኦ ደምዳሚ ኣዋጁ፣ ብደረጃ ዓለም ኣብ 2000 ዓ.ም ብኤይድስ 36.1 ሚልዮን ሰባት ከምዝተለኽፉ፣ ካብዚኦም እቶም 90% ኣብ ምምዕባል ዘለዋ ሃገራት ምዃኖምን ካብኡ ናብኡ ድማ እቲ 75% ደቡብ ካብ ሰሃራ ኣብ ዝርከባ ሃገራት ምዃኖም ሓቢሩ። ቀንዲ ጠንቂ ምስፍሕፋሕ ሕማም ኤይድስ ድማ ድኽነት ፣ድሕረትን ድንቁርናን ምዃኑ ገሊጹ።

እቲ ባይቶ፣ ኩለን ሃገራት ክሳብ 2003 ዓ.ም. ኣብ ዘሎ ግዜ፣ ሕማም ኤይድስ ንምክልኻል ዘኽእል ብደረጃ ሃገር ንኹሉ ክፋል ሕብረተሰብ ዘሳትፍ ኩሉ መዳያዊ ስትራተጂ ከማዕብላ ከምኡውን ብደረጃ ዞባን
ዓለምን ኤይድስ ንምምካት ኣብ ዝግበር ጻዕሪ፣ ኣህጉራዊ ውድባትን ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣካላትን ምሉእ ምትሕብባርን ምድግጋፍን ከዐዝዛ ለበዋ ኣቕሪቡ።

ብዘይካዚ ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፣ እተን ብዝያዳ ብሕማም ኤይድስ ዝተጠቕዓ ሃገራት ኣብ 2005 ቕቡል ኣገባባት ምክልኻል ተጠቒመን መጠነ ለበዳ ሕማም ኤይድስ ናይቶም ካብ 15 ክሳብ 24 ክሊ ዕድመ ዝርከቡ መንእሰያት ብ25 ሚእታዊት ክንክይኦ፣ ብደረጃ ዓለም ድማ ኣብ 2010 ብ25 ሚእታዊት ከጉድልኦ ዘስምር ውሳኔ ኣመሓላሊፉ። ነቶም ንኤይድስ ቅሉዓ ት ዝኾኑ ዝተመዛበሉን ስደተኛታትን፣ ብፍላይ ድማ ደቂንስትዮን ቆልዑን ፍሉይ ሓገዝን ቆላሕታን ክግበረሎም ኣተሓሳሲቡ።

ኤይድስ መኪትካ ምዕባሌ ንኽረጋገጽ፣ ቀጻልነት ዘለዎን ዘተኣማምንን ተወሳኺ ሓገዛት ስለዘድሊ፣ ሓፈሻዊ ባይቶ፣ ለገስቲ ሃገራትን ማሕበረ-ኮም ቢዝነስን ካልኦት ሓገዞም ከዛይዱ ከምኡውን ነፍሲ ወከፍ ሃገር ኣብዚ መዓላ ዝውዕል እኹል ባጀት ክትስልዕ ተማሕጺኑ።

ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንፉሉይ ኣኼባ ብምቕናዕ ነዚን ካልእን ኣዋጃት ከውጽእ ዝኸኣለ ብመሰረት ቲ ካብ ወርሒ ጥሪ ናይዚ ዓመት ዚ ጀሚሩ ከካይዶ ዝጸንሐ ዘተ እዩ። ኣብዚ ንኤች ኣይ ቪ ኤይድስ ዝምልከት መበል 26 ፍሉይ ኣኼባ ው. ሕ. ሃ. መራሕቲ ሃገራት፣ ሚኒስተራት ጥዕና፣ ልዕሊ ሰለስተ ሚእቲ ዘይመንግስታውያን ውድባት፣ ግዳያት ሕማም ኤይድስን ካልኦትን ተሳቲፎም።

****ኣ.ዜ.ኤ****